ናይ ዓበይቲ ኣገልግሎት ምክልኻል (APS) መርመራታት
ናይ መረዳእታ ወረቐት

Adult Protective Services (APS) Investigations
Fact Sheet

ናይ ዓበይቲ ኣገልግሎት ምክልኻል (APS)፡ ንሓደ ተቓላዓይ ዝኾነ ዓቢ ሰብ በዝቢዝካ፡ ደርቢኻ፡ ገንዘባዊ ምዝመዛ ፈጺምካ ወይ ዕሽሽ ኢልካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ ዝብል ሪፖርት ይምርምር ኣሎ። እዚ ሰነድ እዚ ብዛዕባ ከይዲ መርመራ፡ መሰላትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን የፍልጠካ። ከም ኣካል ናይቲ መርመራ፡ APS መዛግብቲ ክግምግምን ብዛዕባ እቲ ዝቐረበ ክስታት ንሰባት ቃለ-መሕተት ክገብርን እዩ።

ውጽኢት ናይቲ መርመራ ኣብ ልዕሌኻ ከቢድ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል እዩ።
በይዛኹም እዚ ብጥንቃቐ ኣንብብዎ።

ንጉዳይኩም ዝተመደበ መርማሪ፡-
በዚ ዝስዕብ ክርከቡ ይኽእል እዮም፡-

እንታይ መሰላት ኣለዉኒ?

- ኣብ እዋን እቲ ቃለ-መሕተት ሳልሳይ ወገን (ከም ዓርኪ፡ ጠበቓ፡ ወኪል ማሕበር፡ ኣባል ስድራቤት ወይ መጉዚት) ምሳኻ ክህሉ መሰል ኣለካ።
- ቀዳማይ ቋንቋኻ እንግሊዝኛ እንተዘይኮይኑ፡ ብነጻ ናይ ኣስተርጓሚ ኣገልግሎት ክትረክብ መሰል ኣለካ (APS ንኣባላት ስድራቤት ከም ኣስተርጎምቲ ክጥቀም ኣይፍቀደሉን እዩ)።
- ኣብቲ ቃለ-መሕተት ናይ ዘይምስታፍ፡ ንምቁራጽ ወይ ንካልእ ግዜ ንምቁጻር መሰል ኣለካ።
- ምስቲ ክስታት ዝተኣሳሰሩ ሰነዳት ወይ መሰኻኽር ን APS ናይ ምቕራብ መሰል ኣለካ።

APS ብዛዕባ ውጽኢት መርመራ ከመይ ገይሩ እዩ ዘፍልጠኒ?

- APS ኣብ እዋን መርመራ ኣብ ዝእከቡ መርትዖታት ተመርኪሱ ውሳነ ይህብ። APS ዝህቦም ዓይነታት ውሳነታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-
  - **ብመርትዖ ዝተረጋገጸ** (**Substantiated**)፦ እቲ ዝተባህለ ፍጻመ ናይ ምፍጻሙ ዕድል ካብ ዘይምፍጻሙ ዝለዓለ ኮይኑ ክርከብ ከሎ።
  - **ብመርትዖ ዘይተረጋገጸ** (**Unsubstantiated**)፦ እቲ ዝተባህለ ፍጻመ ናይ ዘይምፍጻሙ ዕድል ካብ ምፍጻሙ ዝለዓለ ኮይኑ ክርከብ ከሎ።
  - **ዘይተደመደመ** (**Inconclusive**)፦ እቲ ዝተባህለ ፍጻመ ተፈጺሙ ድዩ ኣይተፈጸመን ዝብል ንምውሳን ዘይተኻእለሉ ኩነታት።
- APS እቲ ፍጻመ ናይ ምፍጻሙ ዕድል ዝለዓለ ምኺኑ እንተረጋጊጹ (Substantiated)፡ ብዝተመዝገበን (certified) ስሩዕን ፖስታ ደብዳበ ብምልኣኽ ከፍልጠካ እዩ።
- APS እቲ ፍጻመ ናይ ዘይምፍጻሙ ዕድል ዝለዓለ ምኺኑ እንተረኺብዎ፡ ብቓል ከፍልጠካ እዩ። APS እንተድኣ ሓቲትኩም ናይ ጽሑፍ ደብዳበ ክህበኩም ይኽእል እዩ።
- APS እቲ ፍጻመ ተፈጺሙ ድዩ ኣይተፈጸመን ክውስን እንተዘይክኢሉ፡ ብቓል ከፍልጠካ እዩ። APS እንተድኣ ሓቲትኩም ናይ ጽሑፍ ደብዳበ ክህበኩም ይኽእል እዩ።
- APS ናይቲ ሕጂ ዘለኩሞ ኣድራሻኩም እንተዘይሂሊዎም፣ ኣገደስቲ ናባኩም ዝለኣኩ ፖስታ መልእክታትን ናይ ግዜ ገደባትን ከምልጠኩም ይኽእል እዩ።

ብመርትዖ ዝተረጋገጸ (substantiated) ዝብል ውሳነ እንታይ ማለት እዩ?

APS እቲ ብዛዕባ ምዝመዛ፡ ዕሽሽ ምባል፡ ምድርባይ ወይ ገንዘባዊ ምዝመዛ ዝቐረበ ክሲ "ብመርትዖ ዝተረጋገጸ" (substantiated) እዩ ኢሉ እንተወሲኑ፡ በቲ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ ናይ ሰማዕነት (hearing) ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ናይ APS ውሳነ ኣብ መወዳእታ ከይዲ ሰማዕነት እንተጸዲቑ፡ ስምካ ኣብ መዝገብ (registry) ክሰፍር እዩ።

ኣብቲ መዝገብ ምስፋር ማለት፡ ምስ ተቓላዓቲ ዓበይቲ ሰባት ወይ ህጻናት ብዘይ ቁጽጽር ርክብ ኣብ ዝህልወካ ቦታ ክትሰርሕ ወይ ብወለንታ ክትሳተፍ ኣይትኽእልን ማለት እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ስምካ ካብቲ መዝገብ እትሕከኽሉ መንገዲ የለን።

ኣንጻር ውሳነ APS ክማነት እኽእልዶ?

- APS እቲ ዝተባህለ ፍጻመ **ብመርትዖ ዘይተረጋገጸ** ወይ **ዘይተደመደመ** እዩ ኢሉ እንተወሲኑ፡ ዝኾነ ነገር ክትገብር ኣየድልየካን።
- APS እቲ ፍጻመ **ብመርትዖ ዝተረጋገጸ** እዩ ኢሉ እንተወሲኑ፡ ንስኻ ድማ በቲ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ፡ ናይ ሰማዕነት (hearing) ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ካብ APS ዝመጸካ ደብዳበ ከመይ ጌርካ ከም እተመልክት ክሕብረካ እዩ።

ናይ ሰማዕነት ሕቶ ንምቕራብ፡ እቲ ክፍሊ ዝጸሓፎ ናይ መፍለጢ ደብዳበ ብፖስታ ካብ ዝተላእከሉ ወይ ብኣካል ካብ ዝተዋህበካ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ መበል 30 መዓልቲ፡ ሰዓት 5:00 ድ.ቐ ጥራይ እዩ ግዜ ዘለካ፤ ካብዞም ክልተ እቲ ዝቐደመ ይውሰድ።

ንዝያዳ ሓበሬታ

ብዛዕባ APS ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ https://www.dshs.wa.gov/altsa/adult-protective-services-aps ኣብ ዝብል ክትረክቡ ትኽእሉ ኢኹም።